ብሮሹር ሓበሬታ
ንተጠቀምትን ንቤተሰቦምን ዚኸውን ሓበሬታ

# ኣላርም ድሕንነትን ዘሎኻሉ ቦታ ዝሕብር ተክኖለጂን እንታይ እዩ፧



# ኣላርም ድሕንነት

ኣላርም ድሕንነት ዝብሃል ኣብ ገዛኻ፡ ኣብ ክሳድካ ወይ ኣብ ኢድካ እትኣስሮ ናይ ኣላርም (ደወል) መጠወቒ እዩ።

እቲ ናይ ኣላርም መጠወቒ ምስ ናይ ቁጽጽር ማእከል ዝራኸብ ኾይኑ፡ ምስ ማእከል ህጹጽ ምላሽ ክትዘራረብ እውን የኽእለካ።

ናይ ትኪ መጠንቀቕታ ደወልን ካልእ ሰንሰራትን እውን ምስቲ ናይ ቊጽጽር ማእከል ከም ዝራኸብ ክግበር ይከኣል እዩ። እዚ ዓይነት ናይ ጸጥታ ኣላርም ኣብ ውሽጢ ገዛ ጥራይ እዩ ክትጥቀመሉ ዝከኣል።



# ናይ ሞባይል ኣላርም ድሕንነት

ናይ ሞባይል ኣላርም ድሕንነት ኣብ ውሽጢ ገዛን ኣብ ደገን ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ። እቲ መሳርሒ ማይክሮፎንን ስፒከርን ዝሓዘ እዩ። ካብቲ ንቡር ዓይነት ኣብ ውሽጢ ገዛ ጥራይ ክትጥቀመሉ እትኽእል ኣላርም ድሕንነት ፍልይ ዘብሎ፡ እቲ ናይ ሞባይል ኣላርም ድሕንነት ኣብ ዝኾነ ቦታ ክሰርሕ ዝኽእል ምዃኑ እዩ፣ ምኽንያቱ፡ እቲ ናይ ሞባይል ኣላርም ድሕንነት መጠንቀቕታታት ዝሰድድ ናይ ሞባይል ኔትወርክ ተጠቒሙ እዩ። እቲ መሳርሒ ጂፒኤስ (GPS) ተጠቒሙ ዘለኻሉ ቦታ ይሕብር። ሓገዝ ከድልየካ ኸሎ ክትጽቕጦ እትኽእል ናይ ህጹጽ እዋን መጠወቒ ኣለዎ። ነዚ ምስ እንተ ጠዊቕካዮ ድማ ናብ ማእከል ህጹጽ ምላሽ ሓበሬታ ይልእኽ፣ እቶም ማእከል ህጹጽ ምላሽ ከኣ ብቐጥታ ናብታ ናይ ሞባይል ኣላርም ድሕንነት ክድውሉ እዮም።

እቲ ኣላርም ምስ ተጠወቐ፡ ማእከል ህጹጽ ምላሽ ኣብይ ከም ዘለኻ ዝሕብር ሓበሬታ ይበጽሖም።

## ዘሎኻሉ ቦታ ዝሕብር ተክኖለጂ (GPS)

እቲ ዘሎኻሉ ቦታ ዝሕብር ቴክኖሎጂ፡ ነቶም ሕማም ምርሳዕ ወይ ካልእ ናይ ምዝካር ጸገማት ዘለዎም፡ ግን ከኣ ንጡፋት ምዃን ዝፈትዉ ሰባት እተዳለወ ናይ ሞባይል ኣላርም ድሕንነት እዩ። ነቶም ብቕልጡፍ ክርከቡ ዘድልዮም ሰባት እውን ኣገዳሲ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ንኣብነት፡ ለይቲ እንተ ወጺኦም ወይ ዘይግቡእ ክዳን ተኸዲኖም እንተ ወጺኦም።

ካብ እተወሰነ ኸባቢ ሓሊፍካ ኸይትኸይድ ዝቕይድ ሓጹር (Geofence) ምፍጣር ይከኣል እዩ። እዚ ድማ እቲ መጠንቀቕታ ከይተላእከ ብናጽነት ክትንቀሳቐሰሉ እትኽእል ከባቢ እዩ። ካብዚ ገደብ ወይ ሓጹር እንተ ሓሊፍካ፡ ማእከል ህጹጽ ምላሽ ሓበሬታ ይበጽሖም። ድሕሪኡ ምሳታቶም ክትዛራረብን ዘሎኻሉ ቦታ ክፍለጥን እዩ።

እቲ ኣገልግሎት ጥዕና እውን እቲ ዘሎኻሉ ቦታ ዝሕብር ተክኖሎጂ ኣበየናይ ውሱን ግዜ ክጥቀምሉ ኸም ዘለዎም ምሳኻ ስምምዕ ክገብር ይኽእል እዩ። ቤተሰብካ ነቲ ዘሎኻሉ ቦታ ዝሕብር ኣፕሊኬሽን ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

ቅድሚ ተክኖሎጂ እዚ ኣብ ግብሪ ቅድሚ ምውዓሉ፡ እቲ ኮሙን ብዛዕባ ኣድላይነት እዚ ተክኖሎጂ እዚ ዳህሳስ ብምግባር በቲ ሕጂ ኣብ ስራሕ ዘሎ ሕጊ መሰረት ውሳነ ኽገብር ኣለዎ።



ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ ኮሙነኻ ምስ ዘሎ ኣገልግሎት ጥዕና ተራኸብ።

**ቪድዮ - ናይ ሞባይል ኣላርም ድሕንነት**
ነዚ QR ኮድ ብተሌፎንካ ስካን ብምግባር፡ ነቲ «ናይ ሞባይል ኣላርም ድሕንነት» ዝርእሰቱ ቪድዮ ኽትርእዮ ትኽእል ኢኻ።

**ማእከል ህጹጽ ምላሽ - ነቲ ናይ ህጹጽ ግዜ ጻውዒትካ ዝቕበል**
ነዚ QR ኮድ ስካን ብምግባር፡ ነቲ ብዛዕባ ማእከል ህጹጽ ምላሽ ዝገልጽ ቪድዮ ኽትርእዮ ትኽእል ኢኻ።

Responssenteret
- alltid i nærheten